# እታ ዓባይ ዕለት፣ 24 ግንቦት

ቀረበት መጸት እታ ዓባይ ዕለት

ካብ ኩለን ዝዓበየት ንኤርትራዊያን ማለት

እነሃ ትሪኤ ካብ ኩለን ዝደመቐት

ተዶኩና እነሄት ልዕሊ ኩሉ ዝበረኸት

መጸት ቀረበት 24 ግንቦት

እስከ ንቀበላ ብድሙቕ ጨብጨባ

ንወፍየላ ካብቲ ድሙቕ ዕምባባ

ይውሕዳ እምበር እዚዶ ኮይኑ ዓሰባ

ኩሉ ይትረፍ ቅምን ቅርሕንትን

ነዚኣ ብርኽቲ መዓልቲ ኽንኽብር ምእንትን

ፍልልያት ይትረፍ ኣይንበል እክብ ብትን

ብሓባር ነብዕላ ግንቦት ዕስራን ኣርባዕተን

ሰብ እምበር ኢና ኮይና መግዛእቲ ተሪፉ

ሳላ 24 ግንቦት ስክፍታታት ሃፊፉ

ከም ሕዝቢ ከም ሃገር ኤርትራዊ ተጠርንፉ

ኣሎ እንዲዩ ካብ ሙሉእ ጎደሎ

ፍጹማት ምዓስ ኮይና ድልየታት ክሳብ ዘሎ

ኩሉ ክማላእ ኢዩ ግዜኡ ሓልዩ

ትዕግስቲ የድሊ ሕውነት እንተተደልዩ

ሓብርና ነብዕላ ነዛ ዓባይ መዓልቲ

24 ግንቦት ክትኮነልና ሕጉስቲ

ግጥምታት ንጽሓፈላ ነቕርቦ ውዳሴ

ስእልታት ነልዕለላ ናይዝኣ መዓልቲ ሕዳሴ

ኣብ ዓመት ሓንሳብ’ያ ትውዕል

ኣይኽበደና ክንብለላ ዕልል

ብታሕጓስ ፈንጠዝያ ኽንዘልል

መን ይረኽቦ እዚ ዓቢ ዕድል

ግንቦት 24 ዝደፍኤት ዘዉዲ

ንኤርትራዊያን ካብ ኮነት ሓንቲ መኣዲ

ሓብርና ካብ መጻእና እቲ ነውሕ መንገዲ

መጻኢ’ውን ክኸዉን ናይኩልና ዓውዲ

እርኤ’ሎ እቲ ብርሃን ኣብ ቅድሜና

ሸዊታ እንድያ እታ ገዛ ናይ ኩልና

ኤርትራ ብሪ ጥራሕ ትርሓሰና

ግንቦት 24 ጥራሕ ነብዕላ እዲንእዲ ተተሓሕዝና

ግንቦት 24 ካብ መጸትለይ

ክዉንና ኢየ ኽትከዉን መባልዕተይ

ካልእ ኣይክቋጸርን ኢየ ምስኣ ኢዩ ምምሳየይ

ክስዕስዕ ኢየ ኽዘልል ምስ ኣሓተይ ኣሕዋተይ

ኣስላማይ ክስታነይ ከይበልኩ ብዘይኣፋላላይ

ተገጥመ

ብእንጂነር ተስፋሚካኤል ዮሃንስ

ኦስሎ ኖርወይ